# ምስ ኢትዮጵያ ዘራኽብ ዶባት ተኸፊቲ ማለት

# ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ጸገም ኤርትራ ተፈቲሑ ማለት ኣይኮነን

## ሻድሻይ ክፋል

ኣብ ሓምሻይ ክፋል፡ ስለዚ ኣብ ደምበ ፈታዊ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሓደ ነቲ ካልእ ዘዕንቅፈሉ፡ ኣብ ሕምትኽትኽ ዝበለ ባሕሪ ፖለቲካዊ ድሕረት ተሸኺሎም'ዮም፡ ብተግባር ዘይስነ ንመሰረታዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ንቃለስ ኣለና ዝብሉ። ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኩሉ ኢሎም ዝጭርሑ። ገዛእ ርእስኻ ካብ ፖለቲካዊ ድሕረት ከይነጻህካ፡ መንገዲ ሓቀኛ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ከይሓዝካን ባህሊ ሓባራዊ ስራሕን ምክብባርን ከይወነንካን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ምኻድ ከምዘይከኣል ከኣ ኣተሃላልዋኦም ህያው መረጋገጺ'ዩ ምስ በለና ኢና ኣቋሪጽናዮ ኔርና። ሻድሻይ ክፋሉ እነሆ ካብ'ቲ ዝተቐረጸሉ ቀጺሉ ይቐርብ፡-

ብዛይካይ ብዛዕባ ህዝብን ሃገርን ዝሓሰብ ዝሓሊ ወይ ዝምልከቶ የለን ዝብል ትምክሕታዊ ኣረኣእያ፣ እሙን መሻርኽቲ ናይ ቃልሲ መሓዛ ከም ዘለዎ ዘይርኢ፡ ኩሉ የጓኒየኒ ይንዕቀኒ ይሰግረኒ ይንጽለኒ ብዝብል ሕማም ዝተለኽፈ ጸቢብ ኣረኣእያ፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ናተይ ዝብሎ ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሉ፡ ከከም ኩነታቱ ሓይሊ ሚዛን እናረኣየ ዘውደኽድኽ ማእከል ሰፋሪ መዋቕዒ ላዕለዋይ ኢድ ሒዞም ዝዋስእሉ ፖለቲካዊ ባይታ'ዩ ጸኒሑን ዛጊት'ውን ዘሎ ደምበ ሓይልታት ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራ። ብኣፍ ህዝቢ ዝበታትን ሃገርን ዘዕኑ ዘሎ ፍጹም መላኺ እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ፡ ንምውጋድ ይቃለስ ኣለኹ ንቃለስ ኣለና እናተበህለን ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኩሉ እናተጨረሐን፡ ብባህሪ ደረጃ ገና ዘይተገርሐን ብተግባር ዝስረሓሉ ዘሎን ግን እዚ ዝተገልጸ ፖለቲካዊ ድሕረታት'ዩ።

ሓደ ሰባዊ ፍጹም መላኺ ገዛኢ ኤርትራ፡ ብጭቡጥ ናይ ምትግባር ዓቕሙ ዘይኮነ ብባህሪኡ ትምክሕተኛ'ዩ። ተሳዒሩ ወዲቑ እንከሎ መን ከመይ ይብል። ብሓሳብ ንዝበልጽዎ ዝብድህዎ ወገናት፡ ብተመሳሳሊ ሓይሊ ሓሳብ ክገጥሞም ዘኽእሎ ባህሪ፡ ፖለቲካዊ ብቕዓት፡ ድልውነትን ግን የብሉን። ካብ ክሳብ ተመክሮኡ ከይቀደመኒ ክቕድም ብዓመጽ ናይ ምውጋድ ፋሽሽታዊ ባህሪ'ዩ ዘለዎ። ተጸዋርነት የብሉን። ባህሊ ክፉት መኣዲ ፖለቲካዊ ዘተ ኣይፈቱን። ክስማዕ 'ምበር ናይ ካልኦት ሓሳባት ደው ኢሉ ክሰምዕ፡ ሕጊ ሃልይዎ፡ ብሕጊ ተማእዚዙ ንርእይቶ ብዙሓት ኣኽቢሩ ክኸይድ ባህሪኡን ባህሉን ኣየፍቅደሉን።

እዚ ከም'ዚ ዝበለ ትምክሕታዊ ሕማም 'ምበኣር፡ ፍጹም ብኣንጻሩ ብዝኾነ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ባህሪ'ምበር፡ በቲ ንሱ ዝወነኖ ኣዕናዊ ትምክሕታዊ ባህሪ፡ ብሓጺርን ብነዊሕን ጸላኢኡ፡ እሙን ናይ ቃልሲ መሓዛኡ ፈላሊዩ ብዘይርኢ ጸቢብ ኣረኣእያን ከም ርስሓት መመሓላለፊ ሻምብቆ ኒዮው ነጀው እናበልካ ኣብ ዘዝሞቐ ብምስሓንን ኣይግራሕን። ኣይምከትን ኣይሰዓርን። " እሾኽ ብእሾኽ" ዝብል ምስላ፡ ሃገረ ከደን መሰረታዊ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ኣይሰርሕን። ኣብ ፖለቲካ መሰረታዊ ለውጢ ክበሃል እንከሎ፡ ነቲ ዝተፈልየ ሓሳብ ዘለዎ ሰብ ወይ ውድብ ብዓይኒ ዕሙት ምጽላእ፡ ኣብ ፖለቲካ ድሕረት ተኣሊኽካ ብሓሶት ካልኦት ክጸልእዎ ምግባር፡ ወይ ብዓመጽ ምውጋድ ዘይኮነ፡ ብወሳኒ መልክዑ ካብ'ቲ ዝሓመቐ ዝተጸልአ ዝተኾነነ፡ ዝሓሸ ዝበለጸ፡ ብዙሓት ዝቕበልዎን ዝጥቀምሉን ሓይሊ ሓሳብ ሒዝካ ምርካብ ማለት'ዩ። ነዚ ድማ ብሕግን ብፖለቲካዊ ንቕሓትን ምውሓስ ማለት'ዩ።

ኣብ ዝበዝሕ ክበሃል ዝከኣል ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጸንሐን ዘሎ ገዛኢ ኣተሓሳስባ ግን፡ ካብ ዜጋታትን ማሕበራዊ ክፍልታትን ንዝለዓሉ ናይ መሰል ሕቶታትን መልክዕ ውደባን ኣብ ክንዲ ብዓይኒ ፍትሕን መሰል ዝቕበልን ሓቢሩ ክሰርሕ ድልውነቱ ዘርእን ተሓቢእካ በቲ ናይ ጸላኢ ቃላት ጌርካ ምኹናን'ዩ። ተበዲልና ተወጺዕና ሰብኣዊ ክብርና ተደፊሩ ዜግነታዊ መሰልና ስማዊ ኮይኑ፡ ማዕርነታዊ ኣተሓሓዛ ተሓሪሙና፡ ተጓኒና ኢሎም በብዝጥዕሞም ኣገባብ ንዝቃለሱ ዘተባብዕ፡ ንጉድለታት ቀሪቡ ዝርዳእን ዘርድእን ብሱል ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ዘይኮነ፡ እቲ ሓደ ለባም እቲ ካልእ ዓሻ፣ እቲ ሓደ ሓላፍነታዊ እቲ ካልእ ትሕቲ ሃገራዊ ዝሰርዕ ዘይሓጋዚ ኣካይዳኡ። ኣብ ኣሰላላፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ካብ ዘለዎም ዝተዛበዐ ሚዛን ዝብገስ፡ ንልኡላውነትን ወሳንነትን እቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ ዝተመንጠለ፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹም መላኺ ጉጅለ ባርነታዊ ህይወት ዝመርሕ ዘሎ ህዝቢ ጎስዮም፡ ልኡላውነት ግኡዝ

መሬት ቅድሚት ሰሪያም ዝነጥፍሉ ኣጋጣሚታት ምዕዛብ ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ፖለቲካዊ ኣካይዳን ኣመዛዝናን "ቅድሚ ምራኽ መስከብ" ከም ምጽባይ ዝቑጸር'ዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ዘይተራእየ ንጹር ናይ ቃልሲ ስልትን ስትራተጅን፣ ሓላፍነታዊ ስምዒትን ምጽውዋርን፣ ኣብ'ቲ ዘይተወደበ ሓፋሽ ህዝቢ ክረደአ ትጽቢት ኣይግበርን። ዕማም ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ንገዛእ ርእሶም ኣብ ባሕሪ ድሕረት ጥሒሎም፡ ፈታውን ጸላእን ኣብ ምንጻር እናተማትኡ፡ ደድሕሪ ስምዒት ህዝቢ ምኻድ ኣይኮነን። ህዝቢ ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ ሰኺሩ፡ ካብ ስትራተጂካዊ ጠቕሙ ወጻኢ ናይ ምኻድ ኣንፈት ኣብ ዘርእየሉ ኮነ፡ ብናይ ጸላእቲ ውዲታዊ ሽርሕታትን ፋሽሽታዊ ተግባራትን ሰኪሑ፡ ውሽጣዊ ምትእምማን ኣጥፊኡ ተስፋ ብዝቖረጸ መንፈስ ኣብ ክንዲ ሓባራዊ ናብ ውልቃዊ ዕለታዊ ዋኒኑ ምሕሳብ ኣብ ዝጀመረሉ ኣጋጣሚታት፡ ቅድሚት ተሰሊፉ መንገዲ ሓድነትን ሓይልን፣ መንገዲ ቃልስን ዓወትን ብምሕባር ካብ ድንግርግር ኣውጺኡ ፍናን ዝህብ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣገዛዝኣ ህግደፍ፡ ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ገዛኢ ኣተሓሳስባን ተግባርን ሒዙ ዝጸንሐን ዘሎን ግን ናይ'ዚ ኣንጻር'ዩ እንተተባህለ ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቂ ምግላጽ 'ምበር ድፍረት ኣየስምዕን።

ኣንጻር እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተሰለፉ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ልዕሊ'ቲ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ዝኾነ ውቅዒት ኣየዕረፉን ማለት ግን ኣይኮነን። ከም'ቲ ክኾኖ ዝግባእ ኣይኮነን 'ምበር ህግደፍ መን ምዃኑ ኣብ ምቅላዕ ኮነ፡ እና መረጽካ ምህራም ጸኒሑ'ዩ። ኩሉ ውልቃዊ ማሕበራዊ ጠለባቶም ሰዊኦም ንስለ ሓርነታዊ መሰል ህዝብታት ምስላፎም ንገዛእ ርእሱ ሓደ ካብ'ቲ ክብሪ ዝግበኦ ውሳኔ'ዩ። ንስለ ምርግጋጽ ሃገራዊ ሰላም፡ ምምጻእ ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ምስፋን ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ክብሉ ብዙሓት ናይ ኣካል ምጉዳልን ክቡር መስዋእትን ከፊሎምን ይኸፍሉ ኣለውን'ዮም።

እዚ ከምዘለዎ ወሲድና፡ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ክረኽብዎ ዝነበሮም ፖለቲካዊ ትምህርትን ንቕሓትን ብዘኽእል ንጹር ህዝባዊ መስመር፡ ስጡም ውደባን ውሳኔታትካ ናይ ምትግባር ባህልን ተኸቲሎም'ዶ ክመጽኡ ጸኒሖም እንተተባሂሉ ግን መልሱ ኣይፋል'ዩ። ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ቀይምናሉ ዝብልዎ ዕላማ፡ ንትምክሕቲ፡ ጽበት፡ ምውልዋል ድሑር ስምዒታት ዝጽየን፣ ህዝባዊ ውግንናኡ ዝተነጸረ፡ ግሉጽነትን ትካላዊ ተሓታትነት ዘይብሉ፡ ከከም ኩነታቱ ሓንሳብ ጥብቅና ንልኡላውነትን ረብሓን ህዝቢ ዘቖድም፡ ካልእ ግዜ ልኡላውነት ግኡዝ መሬት ቅድሚት ሰሪዑ ሕድሕዱ እናተላተመ ዝኸይድ እንተደኣ ኮይኑ፡ ህዝቢ'ዩ ዘደናግር። ክመጽእ ንዝደለ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሓጺር ግዜን ውሑድ መስዋእትን ከይመጽእ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት'ዩ ይኸውን። ግዜ ብዝወሰደ ቁጽሪ ንገዛእ ርእሱ ካብ'ቲ ይቃለሰሉ ኣለኹ ዝብሎ ህዝቢ እናተነጸለ ስለ ዝኸይድ ከኣ፡ ዕድመ ምልኪ ይነውሕ። ብተግባር ኣብ ባይታ ኮይኑ ዘሎ ድማ ንሱ'ዩ።

ምኽንያቱ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ህግደፍ ናይ ኩሉ ጸላኢ'ዩ እናበሉ ዝጉስጉሱ፡ ማሕበራዊ መሰረቶም ዘየነጸሩ እንተኾይኖም፡ ብሰብኣውነትና ብመንነትና ተጓኒና ተበዲልና ዝብሉ ወገናት ንዘልዕልዎ ሕቶ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልን ንዝኸተልዎ መልክዕ ውደባን ብሓላፍነት ዘየተኣናግዱ እንተደኣ ኮይኖም፡ ገለ ጸገም ከም ዘለዎም ኣየማትእን። ብጸላኢ ኣንጻር ናይ ለውጢ ሓይልታት ዝግበር ናይ ጠቐነ ወፍሪ፡ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንቃለስ ኣለና ዝብሉ ኣካላት ከም ዘለዎ ዝደግምዎ እንተደኣ ኮይኖም እቲ ዝኸፍአ ዕንቅፋት ናይ ለውጢ'ዩ። ፖለቲካዊ ውግንና ማሕበራዊ መሰረቱ ዝተነጸረ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ብባህርን ተግባርን ወገን ብዱላት ኮይንካ ምርካብ፡ ንብዱላት መሊስካ ምብዳል፡ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ዝሰፍሓሉ ዝጉልብተሉ ባይታ ንምፍጣር ኣወንታዊ ተራ ኣብ ክንዲ ምጽዋት፡ ብኣካል ካብ መላኺ ጉጅለ ተፈሊኻ፡ ብተሓሳስባ ነቲ ንሱ ዝብሎ ምድጋም፡ መሰለይ ኢሉ ንዝሓትት ዜጋ ክሽቑረር ምግባር፡ ደረጃ ብደረጃ ኣምር ደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ኣብ ዜጋታት ከይሰርጽ ምዕንቃፍ'ዩ።

እዚ ከም'ዚ ዓይነት ዝተደዋወሰ ኣረኣእያ በሰላልፉ ደረጃ ብግቡእ ተነጺሩ ደደምበኡ ከይሓዘ፡ ብመጽናዕቲ ብውጥን ብውህደት ዘይኮነ፡ ከከም ኩነታቱ ብዝመስል መልክዑ ኣለኹ ንማለት ድምጽኻ ምስማዕ፡ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ብሓፈሽ፡ መሪሕነታዊ ኣካላት ከኣ ብፍላይ እንታይ ረኺብዎም ዘብልን ዘተዓዛዝብን'ዩ።

ሻብዓይ ክፋሉ ይቕጽል፡-

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 03-10-2018